# ኣብብሄራዊክልላዊመንግስቲትግራይ
# ቤትፅሕፈትፕረዚደንትላዕለዋይቤትፍርዲ
# THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
# PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT


ቑፅሪ 01/ፕሬ/256/17

ዕለት 10/07/2017

ናብ ኩለን ማእኸለዎት መጋባእያታት ኣብያተ ፍርዲ ክ/ትግራይ

<u>ኣብ ዘለውኦ፣</u>

ናይ ______________ መጋባእያ ብፅሒት

**ዋኒኑ፡- <u>ብዛዕባ ብመጋባእያ ዋኒን ሰበር ላ/ቤ/ፍርዲ ዝተውሃበ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምልኣኽ ይምልከት ፣</u>**

መጋባእያ ዋኒን ሰበር ላ/ቤ/ፍርዲ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20 (1ን2ን) ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ከም ዝህብ ዝፍለጥ እዩ ፡፡ በዚ መሰረት ሰበር መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ኣብ መ/ቑ. 127450 ዝሃቦ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምስ እዚ መሰነይታ ደብዳበ በዓል 14 ገፅ ፍርድን ውሳነን ዝተልኣኸልኩም ምዃኑ ፈሊጥኩም ፤ ኣብ ትሕቴኹም ንዝርከባ መጋባእያታትን ወረዳ ኣብያተ ፍርዲ እውን እናባዛሕኹም ንኽትልእኩለን የተሓሳስብ ፡፡

" ምስ ሰላምታ "

Tigrai Region Supreme Court President Office

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ቕዳሕ

- ንመጋባእያታት ላ/ቤ/ፍርዲ

  <u>መቐለ፣</u>


TEL 0344-411204,0344-404312 POBOX 328 FAX 0344- 404301

ሰ.መ.ቁ 127450

ዕለት:- 02/07/2017 ዓ.ም

ዳያኑ፦

ፀጋይ ብርሃነ (ዶ/ር)

ገ/ኣምላኽ የዕብዮ

ልኡል ገ/መድህን

ሓጎስ ተስፋይ

በየነ ወ/ስላሰ

ሰለማዊት ገ/ስላሰ

ምትኩ በርሀ

ኣመልካቲ፦ ቻይና ሬይል ወይ ሰቨንዝ ግሩፕ መቐለ ፕሮጀክት_ ጠበቓ ደስታ ሃፍቱ

ተፀዋዕቲ፦

1. ኣይተ ዕቁባይ ኪሮስ
2. ኣይተ ገብረዋህድ ይብራህ
3. ኣይተ ኣሕመድ ሑሴን
4. ኣይተ ኣታኽልቲ ኣብርሃ
5. ኣይተ ካሕሳይ ተስፋይ
6. ኣይተ ሙሉጌታ ወ/ገብሪኤል
7. ኣይተ ኣሸናፊ ወልዱ

ጠበቓ ተፀዋዕቲ _ ገ/ሄር እምባየ

መዝገብ ተመርሚሩ ዝስዕብ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

## ፍ ር ዲ

ኣብዚ መዝገብ ዘካትዕ ዘሎ ዋኒን መስርሕን ሰራሕተኛ ኮይኑ፤ነዚ ፍርዲ እዚ ንምሃብ ምኽንያት ዝኾነ ኣመልካቲ ብዕለት 12/03/2017 ዓ.ም ብዝተዳለወ ጥርዓን ወረዳ ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ብዕለት 25/02/2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ 87/2016-748 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ብዕለት 11/03/ 2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ 31900 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ትእዛዝን መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂምዎ እዩ ብምባል ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ላዕለዋይ ቤትፍርዲ ክልል ትግራይ ጥርዓን ስለ ዘቕረበ እዩ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት
Tigrai Region Supreme Court President Office

ንጥርዓን ኣመልካቲ ምኽንያት ዝኾነ ክትዕ ኣመፃፅኡ ብሓፂሩ ፀሚቕካ እንትርአ፦ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣመልካቲ ብዕለት 18/07/2016 ዓ.ም ብዝተዳለወ ክሲ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ዝመስረትዎ ክሲ ትሕዝትኡ፦ ከሰስቲ ሰራሕተኛታት ተኸሳሲ ትካል ኮይንና እናሰራሕና ፀኒሕና፤ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ናይ 41 ኣዋርሕ መሃያናን ጥቕማ ጥቕምናን ስለ ዘይከፈለና፤ንክወሃበና እናሓተትናን እናመልከትናን ፀኒሕና ኢና፤ ተኸሳሲ ግን ክኸፍለና ፍቓደኛ ኣይኮነን ብምባል ስራሕ መደቦምን ሕድሕዶም ክኽፈሎም ዝግባእ መጠን ገንዘብ ብምንፃር ናይ 41 ኣዋርሕ ክፍሊትን ክሲ ካብ ዝመስረትናሉ ክሳብ እቲ መዝገብ ዕልባት ዝረክብ ናይ ዘለዉ ኣዋርሕ መሃያን ጥቕማ ጥቕምናን በብወርሑ እናተፀብፀበ ክኸፍለና፣ተኸሳሲ ስራሕ ልምዲ እውን ክህበና ይወሰነልና ብምባል ክሲ መስሪቶም እዮም።

ኣመልካቲ ትካል ድማ ንቐረበሉ ክሲ ብዕለት 07/08/2016 ዓ.ም ፅሒፉ ዘቕረቦ መልሲ ትሕዝትኡ፦ ከሰስቲ ይከፈለና ዝብልዎ መሃያን ጥቕማጥቕምን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ እዩ፤ በቲ ዘጋጠመ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ኩናት ትግራይ ብዝነበረ ናይ ድሮንን ካልኡት ዝቐፀሉ ደብዳባትን ካብ ተኻታዕቲ ወገናት ወፃኢ ብዝኾነ ሃገራዊ ምኽንያት ሰብ ንኸይእከብ ብዝተውሃበ መንግስታዊ ኣዋጅ ስራሕ ክስራሕ ስለዘይተኻኣለ፤ ሰራሕተኛታት እውን ንድሕንነቶም ሰጊኦም ስራሕ ንኽቋረፅ ስለዘመልከቱ፤ምስ ኣብ ስራሕ ዝተረኸቡ ሰራሕተኛታት ተዘራሪብናን ተስማዕሚዕናን ዝተረፎም ክፍሊት ከፊልና ብናይ ባዕልና መኳዕዝያ ነናብ ዝመፅሉ ከባቢ መሊስናዮም ኢና፤ ኣብቲ ቦታ ክርከቡ ንዘይከኣሉ ሰራሕተኛታት ድማ ብምልክታ ስራሕ ምቁራፅና ኣብ ስራሕ ቦታ ለጢፍና ኢና፤ ፀኒሕና ድማ ዝተረፎም ክፍሊት ከፊልና እቲ ዝነበረ ናይ ስራሕ ርክብ ተቛሪፁ እዩ።

ብተወሳኺ ተኸሰስቲ ካብቲ እዋን እቲ ጀሚሩ እውን ኣብ ስራሕ ስለዘየለዉ፤ክኽፈሎም ዝግባእ መሃያ ይኹን ጥቕማ ጥቕሚ የለን ተባሂሉ ይወሰነልና፤ እቲ ዘጋጠመ ኩናት ስዒቡ ዝመፀ ብርሰት ሰብን ሃፍትን ኢሉ እውን ምቁራፅ ስራሕ ናይ ከሰስትን ተኸሳስን ዘይኮነስ ካብ ናይ ክልቴና ቑፅፅር ወፃኢ ዝኾነ ክርአን ክግመትን ዘይኽእል ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ኩነታት ስለዝተፈጠረ፤ኣብ ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ቑፅሪ 1156/2011 ካብ ዓንቀፅ 11 ክሳብ 19 ዘሎ ግዝያዊ ናይ ስራሕ ምቁራፅ እንተጋጥም ክፍፀሙ ዝግበኦም ዝርዝር ተግባራት እኳ ዝሓገገ እንተኾነ፤ብመሰረት ዓንቀፅ 18(5)፣ (6)ን 19ን እቲ ኣዋጅ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት እንተጋጥም ንዝምልከቶ ኣካል ከፍልጥ ከም ዘለዎ ዝሕግግ ኮይኑ፤ እዚ ሕጋገ እዚ ዝተረጋገፀ መንግስቲ ኣብ ዘለሉ እዋን ተሓሳቢ ዝገበረ እዩ። እቲ ናይ ተኸሳሲ ስራሕ ምቁራፅ ግን ዘላቕን ኣብ ናይ ፌደራል ፍቓድ ዝምስረትን ኮይኑ፤ኣብቲ ግዘ መንግስቲ መሓውሩ ለሚሱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ስለዝኾነ እዚ ድማ ብኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ዝተሸፈነ ስለዘይኮነ፣ብመሰረት ፍ/ሕ/ቑ 1793 (መ) ዝሸፈን ስለዝኾነ፤ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ስለዝኾነን ከሰስቲ ክኽፈሎም ዝግባእ ክፍሊት የለን ተባሂሉ ክውሰነልና፣ዕላማ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ድማ ዘተኣማምን ናይ ኢንድስትሪ ሰላም ክህሉ ብምግባር ንኢንቨስትመንት ምቹው ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ተኸሳሲ ስራሕ ኣብ ዘይሰርሐሉ ንሰራሕተኛታት ክፍሊት ክኽፍል እንተተገይሩ ናይ ኢንዳስትሪ ሰላም ዝህውኽ ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ መፍረያይነት ዘድቕቕን ሰብ ውልቀ ሃፍቲ (ኢንቨስተራት) ኣብዚ ዓዲ

Tigrai Region Supreme Court
President Office

ከይዋፈሩ ዝዓግትን ስለዝኾነ ተኸሳሲ ንተፀዋዕቲ ክኸፍሎ ዝግባእ ክፍሊት የለን ተባሂሉ ይወሰነልና፣ ከምኡ እውን መስርሓይ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ስለዘይሰርሐ፣ ንብረቱ ስለዝጠፍኦን ዝነበሮ ርክብ ስራሕ ስለዝተቋረፀን ዝኾነ ይኹን ዓይነት ክፍሊት ዝኸፍሎም የለን።

ብመሰረት እቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 54 መሃያ ዝኽፈል ንዝተሰርሐ ስራሕ ጥራሕ ከምዝኾነ ዝገልፅ ኮይኑ፣ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሳሲን ዝነበረ ስራሕ ርክብ ኣብ ዝተቋረፀሉ ኩነታት፣ ከሰስቲ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ስለዘይሰርሑ ክኽፈሎም ዝግባእ ክፍሊት የለን ተባሂሉ ክውሰነልና፣ ክፍሊት ይግብኦም እዩ እንተተባሂሉ እውን ክፍሊት ስንብት ጥራሕ እዩ ተባሂሉ ክውሰነልና ዝብል መልስን ካልኦት ምስ ዝተተሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ኣገዳስነት ዘይብሎም እዮም ተባሂሎም ኣብዚ ፍርዲ ዘይሰፈሩ ዝርዝር መልስታትን ኣቕሪቦም እዮም።

ወረዳ ቤት ፍርዲ እውን የማን ፀጋም መርሚሩ ዝሓዞ ጭብጢ ፦

1. ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሳስን ዝነበረ ውዕሊ ስራሕ ተቋሪፁ ድዩ ኣይተቋረፀን ?
2. ከሰስቲ ኣብ ናይ ተኸሳሲ ትካል ንዘይተወሰነ ድዮም ንዝተወሰነ ግዘ ስራሕ እዩ መደቦም ? ዝኽፈሎም ክፍሊት ከ ክንደይ እዩ ?
3. ከሰስቲ ዝሓተትዎ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ክኽፈሎም ይግባእ ዶ ኣይግባእን ?
4. ኣመልካቲ ክተሓዘሉ ኣሕሲቡ ዝተተሓዘ ድማ ፦ ንውዕሊ ስራሕ መቋረፂ ምኽንያት እንታይ እዩ? ዝብሉ ጭብጥታት ብምንፃር ናይ የማን ፀጋም መርትዖ ሰሚዑ ብዕለት 25/02/2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ ፍር 87/2016-748 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሳስን ትካል ዝነበረ ንዘይተወሰነ ግዘ ርክብ ስራሕ ውዕሊ እቲ ርክብ ኣይተቋረፀን፣እቲ ርክብ ስራሕ ኣይተቋረፀን ስለዝተብሃለ ተኸሳሲ ንከሰስቲ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ይኽፈሎም ብምባል ወሲኑ እዩ። ካብኡ ብምቕፃል ተኸሳሲ ንከሰስቲ ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ክሳብ 2017 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ናይ 4 ዓመታት ማለት እውን ናይ 48 ኣዋርሕ ይኽፈሎም፣ ስራሕ ርክብ ብሕጋዊ መንገዲ ክሳብ ዝቋረፅ ዘሎ መሃያ ናይ ምሕታት መሰሎም ሕልው እዩ ዝብል ውሳነ እውን ኣሕሊፉ እዩ። ተኸሳሲ ዘትሐዞ ጭብጢ እቲ ርክብ ኣይተቋረፀን ስለተብሃለ ተሓሊፉ ኣሎ ብምባል ኣመልካቲ ንሕድሕድ ተፀዋዕቲ ክኸፍሎም ዝተወሰነ ናይ 48 ኣዋርሕ መጠን ክፍሊት ድማ ፦

1. ን1[ይ] ተፀዋዒ 234,113.76 ብር (ክልተ ሚኢቲን ሳላሳን ኣርባዕተን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ዓሰርተ ሰለስተን ምስ 76% ) ።
2. ን 2[ይ] ተፀዋዒ 349,843.20 ብር (ሰለስተ ሚኢቲን ኣርባዓን ትሽዓተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ኣርባዓን ሰለስተን ምስ 20%)
3. ን 3[ይ] ተፀዋዒ 214,773.12 ብር (ክልተ ሚኢቲን ዓሰርተ ኣርባዕተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሰብዓን ሰለስተን ምስ 12%)
4. ን 4[ይ] ተፀዋዒ 214,773.12 ብር (ክልተ ሚኢቲን ዓሰርተ ኣርባዕተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሰብዓን ሰለስተን ምስ 12%)
5. ን 5[ይ] ተፀዋዒ 220,120.32 ብር (ክልተ ሚኢትን ዕስራን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ዕስራን ምስ 32%)

Tigrai Region Supreme Court President Office

6. ን 6ይ ተፀዋዒ 177,451.2 ብር (ሓደ ሚኢትን ሰብዓን ሸውዓተን ሽሕ ኣርባዕተ ሚኢትን ሓምሳን ሓደን ምስ 20%)
7. ን 7ይ ተፀዋዒ 178,824 (ሓደ ሚኢትን ሰብዓን ሸሞንተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ዕስራን ኣርባዕተን) ተኸሳሲ ክኸፍልን ስራሕ ልምዲ እውን ንኽህቦምን እዩ፡፡

ኣመልካቲ ነዚ ውሳነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብምቅዋም ናብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ይግበኣኒ ዝበለ እንትኸውን፤ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እውን ብዕለት 11/03/2017 ዓ/ም ኣብ ፋ.መ.ቑ 31900 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ንቅርታ ኣመልካቲ መርሚሩ ዘቕርብ ነጥቢ ከም ዘይብሉ ጠቒሱ መዝገብ ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ቁ 337 ዓፅዩዎ እዩ፡፡

ሐዚ ድማ ኣመልካቲ ብዕለት 12/03/2017 ዓ.ም ብዝተዳለወ ጥርዓን ወረዳ ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ብዕለት 25/02/2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ 87/2016-748 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ብዕለት 11/03/ 2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ. 31900 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ትእዛዝን መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂምዎ እዩ ብምባል ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ጥርዓን ኣቕሪቡ እዩ፡፡ መጋባእያ ዋኒን ምፅራይ ሰበር ፍታብሄር ድማ ንጥርዓን ኣመልካቲ የቕርብ እዩ ብምባል ዝሓዞ መቕረቢ ነጥቢ ፦ ኣመልካቲ ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ዝተልዓለ ኵናት ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ ዘይምህላዎም ዝነበረ ኩነታት ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብፍ/ሕ/ቑ 1792፣ 1793 ዘይተርኣየ ውዕሊ ስራሕ ኣይተቋረፀን ብዝብል መሃያን ጥቕማጥቕምን ተፀዋዕቲ ክኽፈሎም ዝተወሰነ ሕጊ መሰረት ዝገበረ ድዩ ኣይኮነን? ዝብል ምስ ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/11 ዓንቀፅ 53(1)፣54 ተታሓሒዙ ተፃርዩ ክውሰን እዩ፡፡

ኣብዚ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ እውን ናይ የማን ፀጋም ክትዕ ተኻይዱ እዩ፡፡ ዝተገበረ ክትዕ እውን ፈለማ ጠበቓ ኣመልቲ ዘቕረቦ ፦ ኣብ ሱር ቤት ፍርዲ እቲ ናይ ስራሕ ርክብ ይኹን ባዕሉ እቲ ስራሕ ብሰንኪ ኵናት ከም ዝተቋረፀ ኣረጋጊፁ እንተብቅዕ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ንተፀዋዕቲ ክኽፈሎም ዝተወሰነ ኣግባብ ኣይኮነን ፡፡ እቲ ሽዑ ዝተፈጠረ ኩነታት ድማ ብፍ/ሕ/ቑ 1793 (መ) ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ኩነት ስለዝኾነ ተፀዋዕቲ እውን በቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ምኽንያት ኢና ስራሕ ክንሰርሕ ዘይከኣልና ኢሎም እናሃለዉ፤በዚ ዝተጠቐሰ ሕጋገ እዩ እቲ ናይ ስራሕ ርክብ ተቋሪፁ ተባሂሉ ዝኽፈሎም ክፍሊት የለን ተባሂሉ እዩ ክውሰን ዝግባእ፡፡ ብፍ/ሕ/ቑ 1776(1) እቶም ሕጋገታት ሕጊ ሓፈሻዊ ውዕሊ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ዓይነታት ውዕሊ ተፈፃምነት ከም ዝህልዎም ስለዝሕግግ በዚ ዝተጠቐሰ ሕጋገ መሰረት እዩ እዚ ዋኒን ተራእዩ ክውሰን ዝግባእ፡፡

ኣብ 2ይ መቕረቢ ነጥቢ ኣብቲ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/11 ዓንቀፅ 53(1) ናይ መሃያ ፍታሕ ቃል፦ *መሃያ ማለት ሰራሕተኛ ብስራሕ ውዕሊ ዝኽፈሎ ክፍሊት እዩ* ተባሂሉ፣ ኣብቲ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 54 ድማ መሃያ ዝኽፈል ንዝተሰርሐ ስራሕ እዩ ይብል እሞ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ንዘይተሰርሐ ስራሕ መሃያ ዝኽፈል ሓደ መሰርሓይ ስራሕ ከይኣቕርበ እንትተርፍ ብናይ ሰራሕተኛ ጉድለት ብዘይኮነ ምኽንያት እንተይሰርሐ እንተውዒሉ ዝብሉ ምኽንያታት ኮይኖም፤እዚኦም ድማ ተፈፃሚ ንምግባር ሓደ ቕድመ ኩነት ኣብቲ ዓንቀፅ 54(2)

ዝተገለፀ ሰራሕተኛ ንክሰርሕ ድልው ኮይኑ ኣብ ስራሕ ቦታ እንተተረኺቡ ዝብል እዩ ። ኣብ ሱር ቤት ፍርዲ ብፍረ ነገር ዝተረጋገፀ ድማ ተፀዋዕቲ እቲ ኩናት ምስተጀመረ ንባዕሎም ከድሕኑ ሃዲሞም እዮም። ስለዚ ኣብ ስራሕ ቦታ ኣይተረኸቡን ። ኣብ ክትዖም ድማ 4 ዓመት ሙሉእ ኣብ ስራሕ ቦታ ክንሰርሕ ድልዋት ኮይንና ተረኺብና ኢና ዝብል መካታዒ የብሎም፣ ኣብዚ ዋኒን ኣብ ፌደራል ሰበር ቑፅ 2- 17189 ትርጉም ተዋሂቡዎ እዩ ። ስለዚ ውሳነ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ተሳዒሩ ተፀዋዕቲ ዝግብኦም ክፍሊት የለን ተባሂሉ ይወሰነልና።

መልሶም ብጠበቓኦም ኣቢሎም ዘቕረቡ ተፀዋዕቲ ዘቕረብዎ ክትዕ፦ ኣብ መጀመርታ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ካብ ቕርታ ኣመልካቲ ወፃኢ እዩ፣ ስለምንታይሲ ኣብ ጥርዓኖም ሪጋ ቑፅሪ 2 ልዕሊ ዓቕሚ ኩነታት በቲ ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ክግዛእ ከም ዘለዎ ኣሚኖም ዓንቀፅ 17ን 18ን ጠቒሶም ውፅኢቱ ንስለስተ ኣዋርሕ መሰል ምግዳብ ስለዝኾነ፣ በቲ ኣብቲ ሕጊ ዘሎ ረቋሒ መሰረት ኣማሊእና ክንከይድ ኣይንግደድን ኢሎም እዮም፣ ክትፍፅምዎ እዩ ዝግባእ እንተዝብሃል እውን እቲ ኩነታት ኣይፈቕድን ነይሩ ስለ ዝበሉ እቲ መቕረቢ ነጥቢ ካብ ቅርታ ወፃኢ እዩ ብምባል ገሊፆም።

እቲ መቕረቢ ነጥቢ ኣብ ጥርዓን ኣመልካቲ ኣሎ ዝበሃል እንተኾይኑ ግን ዘለና መልሲ፦ ኣብ ሕጊ ፍታብሄር ዝተቐመጠ ናይ ልዕሊ ዓቕሚ ኩነታት ሕጋገ ኣብ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ዋኒን ተፈፃምነት የብሉን። ምኽንያቱ ፍ/ሕ/ቑ 1676 (2)ን 1677 (2)ን ሓፈሻዊ ሕጋገታት ውፅኢ ሕጊ ፍሉይ ሕጊ ኣብ ዘወፀሎም ዋኒናት ተፈፃምነት የብሎምን። ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ዋኒን ኣመልኪቱ ዝወፀ ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ኮይኑ፣ ነቲ ዝተትሓዘ ዛዕባ ሸፊንዎ እዩ ። ኣመልካቲ እውን ብመስርሕን ሰራሕተኛን ክዳነዩ ከም ዝግባእ ቅቡል ገይሮም እዮም ቅርታኦም ኣቕሪቦም፣ ስለዚ ኣብቲ ቐዳማይ መቕረቢ ነጥቢ ዝተወሰነ ውሳነ ብኣግባቡ እዩ ይፅነዐልና።

2ይ መቕረቢ ነጥቢ፦ እቲ መትከል ጠበቓ ኣመልካቲ ከም ዝበልዎ ንዘይተሰርሐ ስራሕ ክፍሊት ዘይኽፈል ምኽኑ እዩ። ኣብ ዓንቀፅ 54(2) ስራሕ ዘይተሰርሐ ብጥፍኣት ሰራሕተኛ እንተዘኾይኑ ክኽፈል ከምዘለዎ ብግልፂ ኣስፊርዎ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ናይዚ ዓንቀፅ 54 ኣመፃፅኣ ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12(1)(ሀ) መስርሒ ስራሕ ከቕርብ ከምዘለዎ ሓጊጉ እዩ ። ተፀዋዕቲ ናብ ስራሕ ቦታ እናኸድና ንከታተል ነይርና ኢና፣ስራሕ ክንጀምር ኢና ክንድውለልኩም ኢና እናበሉ መልሲ ይህቡና ነይሮም እዮም ። ሰሪሕና ኢና ዝብል እውን ክትዕ የብልናን ። ኣስርሑና ኢልናዮ እውን ክሳብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ከባቢ ኣብ ስራሕ ቦታና ነይርና ድሕሪኡ ድማ ካብ መወዳእታ ታሕሳስ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዘ ስራሕ ክንሰርሕ እንተሓተትና ብተመሳሳሊ ክንፅወዐኩም ኢና ተባሂልና፣ ሐዚ እውን ስራሕ እናሃለወ ከስርሑና ኣይከኣለን። ሙሉእ ክፍሊት ዘይተቋረፆም ሰራሕተኛታት እውን ኣለዉ እዮም። ሐዚ ኸ ኣመልካቲ እንታይ ኮይኑ ናብ ስራሕ ዘይምልሰና፣ ብዘይምኽንያት እዩ፣ ስለዚ ዝተወሰነልና ውሳነ ብኣግባቡ እዩ ይፅነዐልና።

ናይ መልሲ መልሲ ብጠበቓ ኣመልካቲ ዝቐረበ ኮይኑ ፅሟቅ ትሕዝትኡ ፦ ጠበቓ ተፀዋዕቲ ብቤትፍርዲ ዝተትሓዘ ነጥቢ ካብ ጥርዓን ኣመልካቲ ወፃኢ እዩ ብምባል ዝቐረበ መቃወምያ

ኣብ ትግራይ ቤት ፅሕፈት ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
Tigrai Region Supreme Court
President Office

ብቤት ፍርዲ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ጥርዓና መሰረት ዝገበረ ስለዝኾነ ዝቐረበ መቀወምያ ብኣግባቡ ኣይኮነን። ኣብቲ ዋና ጉዳይ እንካተያ ክትዕ ድማ ፦ ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣብ ክፍሊ 5 ካብ ዓንቀፅ 17 ክሳብ 22 ዘለዉ እንትረኣዩ ርእሲ ናይቲ ኽፍሊ ካብ ስራሕ ውዕሊ ዝምንጭዉ መሰላትን ግቡኣትን ብግዝያውነት ምእጋድ እዩ ዝብል ። ኣብቲ ናትና ክትዕ ዝተረጋፀ ፍረ-ነገር እቲ ስራሕ ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕ እዩ። በቲ ዝመፀ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ኩነታት ብግዝያውነት ዘይኮነስ ብዘላቕነት እዩ ተቋሪፁ ። ካብኡ ድማ ኣብ ዓንቀፅ 17(1) ናይቲ ኣዋጅ መእሰሪ ኮይኑ ዝተሓገገ ካብ ውዕሊ ስራሕ ዝምንጭዉ መሰላትን ግቡኣትን ኣብቲ ክፍሊ ብዝተገለፀ መንገዲ ክእገድ ይኽእል ይብል። እዚ ድማ ፈቓዳይ እምበር መገዳደይ ሕጋገ ኣይኮነን፤ ስለዚ ድማ መስርሓይ ካልእ መማረፂ ሓርዩ ከተግብር ይኽእል እዩ ። በዚ መሰረት ኣመልካቲ ነቶም ሰራሕተኛታት ሓርዩ ኣሰናቢትዎም እዩ። ኣብ ዓንቀፅ 18 ናይቲ ኣዋጅ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ኣይተጠቐሰን፤ካብ ዓንቀፅ 19 ክሳብ 21 ዝተሓገጉ ድማ መስርሓይ ሰራሕተኛ ምእጋድ እንተሓርዩ ክኽተሎም ዝግባእ ከይድታት ዘርዚሩ የቐምጥ እዩ። እዞም ሕጋገታት እዚኦም ዘመላኽቱና ሓደ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣብ ዝተረጋገፀ ኩነት ርክብ ሃልዩዎም ዝፍፀሙ እዮም። ካልኣይ መንግስቲ እውን ተረጋጊዑ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ከም ዝርከብ ተሓሳቢ ዝገብሩ እዮም ። ሳልሳይ እቲ ኣጋጢሙ ዝተብሃለ ኩነታት ነቲ ትካል ጥራሕ ዝትንክፍ እንትኽውን እዩ። ኣብዚ ዝሓዝናዮ ዋኒን ግን በቲ ኩነታት ምኽንያት ምስ ሰራሕተኛ ዝነበሮ ርክብ ተቋሪፁ እዩ ። እግድ ክፍፅም ዝተብሃለ መንግስታዊ መሓውር እውን ኣይነበረን ። ነቶም ኣብ ስራሕ ቦታ ተረኺቦም መመልከቻ ኣእትዮም ዝተሰናበቱ ሪፖርት ንምግባር ከይድና ዝሰምዐና ኣካል ኣይነበረን ። እኳዳኣስ ናይ ባዕልና ሓላፍነት ወሲድና መንዓዓዚ መዲብና ናብ ቦታኦም ኢና ሰዲናዮም። እቲ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝበፅሐ ጉድኣት ኣብ ዓዲ ኩሉ ዝበፅሐ እዩ። ስለዚ ድማ ብሕጊ ፍታብሄር ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝብል እዩ ክዳነ ዝግባእ። ሓዚ እውን ኣመልካቲ ኣብ ስራሕ እዩ ዘሎ ዝብል ፣ ናብ ስራሕ ቦታ እናኸድና ቼክ ንገብር ነይርና ዝብል፣ 5 ሰባት መሃይኦም ዘይተቋረፆም ኣለዉ ዝብልን እዚኦም ኣብ ስር ቤትፍርዲ ብፍረ-ነገር ደረጃ ዘይተረጋገፁ እዮም። ስለዚ ድማ ውሳነ ስር ቤት ፍርዲ ተሳዒሩ ተፀዋዕቲ ዝኽፍልዎ ክፍሊት የለን ተባሂሉ ይወሰነልና ብምባል ተኻቲዖም ።

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሓፂር ትሕዝቶ ስር መዝገብን ኣብ መቕረቢ ነጥቢ ዝተገበረ ክትዕን ኮይኑ፤ መጋብእያ ዋኒን ክትዕን ውሳነን ሰበር ድማ እቲ ክፃረ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ብምሓዝ መዝገብ ከም ዝስዕብ መርሚርዎ ኣሎ።

ፈለማ እቲ ብጠበቓ ተፀዋዕቲ እቲ ብ ቤትፍርዲ ተታሒዙ ዘሎ መቕረቢ ነጥቢ ኣብ ጥርዓኖም ሪጋ ቁፅሪ 2 ልዕሊ ዓቕሚ ኩነታት በቲ ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ከም ዝግዛእ ቅቡል ገይሮም ጥርዓን ኣቕሪቦም እናሃለዉ፤ ብስሩዕ ሕጊ ፍታብሄር መቕረቢ ነጥቢ ዝተገበረ ካብ ጥርዓን ኣመልካቲ ወፃኢ እዩ ዝብል ትሕዝቶ ዘለዎ ዘቕረብዎ ተቓውሞን ኣመልካቲ ድማ ካብ ጥርዓንና ወፃኢ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ኣይኮነን ብምባል ዝሃብዎ መልስን ብምሓዝ እዚ ቤት ፍርዲ ከም ዝስዕብ መርሚርዎ ኣሎ ፦ እቶም ኣብ መቕረቢ ነጥቢ ዝተጠቐሱ ዓናቕፅ ሕጊ ስሩዕ ፍታብሄር 1792ን 1793ን እንትኾኑ፤እዚኦም ድማ ኣብ ርክብ ውዕል ተፈፃምነት ዘለዎም ሕጋገታት እዮም። ስለዝኾነ እውን ዋኒን መስርሕን ሰራሕተኛን መሰረቱ

Tigrai Region Supreme Court President Office

ውዕል ስለዝኾነ ኣብ መቕረቢ ነጥቢ ዝተጠቐሱ ሕጋገታት ብኣንፃር እቲ ክትዕ ኣግባብነት ዘለዎም ድንጋገታት ድዮም ኣይኮኑን ቤት ፍርዲ ስለዝምርምሮምን ብቐንዱ ድማ ኣመልካቲ ውዙፍ መሃያ ክኸፍል ኣይግባእን ኢሉ ጥርዓን ስለዘቕረበ እቲ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ካብ ጥርዓን ኣመልካቲ ወፃኢ ከብል ዝኽእል ኮይኑ ስለዘይተረኸበ፣ንዝቐረበ መቃወምያ ቤት ፍርዲ ኣይተቐበሎን። ስለዚ በቲ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ መሰረት መዝገብ ከም ዝዕብ መርሚርዎ ኣሎ፦

ስለዝኾነ እውን ክምርመር ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ፦ ኣመልካቲ ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ብዝተልዓለ ኲናት ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ ዘይምህላዎም ዝነበረ ኩነታት ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብፍ/ሕ/ቑ 1792፣1793 ዘይተርኣየ ስራሕ ውዕሊ ኣይተቋረፀን ብዝብል መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ተፀዋዕቲ ክኽፈሎም ዝተወሰነ ሕጊ መሰረት ዝገበረ ድዩ ኣይኮነን ? ምስ ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/11 ዓንቀፅ 53(1)፣ 54 ተታሒዙ ተፃርዩ ክውሰን እዩ ። ከም ዝስዕብ ድማ ተመርሚሩ ኣሎ ።

ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ዝሓዞ ቀንዲ ዕላማ ኣብ መንጎ መስርሓይን ሰራሕተኛን ዘሎ ርክብ ስራሕ ሓለዋን ከለላን ሕጊ ክህልዎ ብምግባር ናይ ኢንዳስትሪ ሰላም ክህሉን መፍረያይነት ንምዕባይ ከም ዝኾነን ካብ ሓፈሻዊ ዓለምለኸ ቃልኪዳናትን ካብቲ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/2011 ኣብ መእተዊኡ ኣድላይነት ምውፃእ ናይቲ ኣዋጅ ካብ ዝገለፆ ምርዳእ ይከኣል እዩ ። ውዕሊ ስራሕ መሰልን ግቡእን ተወዓዓልቲ ወገናት ሒዙ ዝምስረት ኮይኑ ፣እቲ ርክብ እንትቕፅል ክልቲኦም ወገናት መሰሎምን ግቡኦምን ዝተዋፀኡ ምኳኖም ሓለዋ ሕጊ ስለ ዘድልዮን እቲ ውዕሊ እንትቋረፅ እውን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ከይኸውንን ሕጋዊ መንገዲ ተኸቲሉ ክቋረፅን ስለዝደሊ ስራሕ ብሕጋዊ መንገዲ ከቋርፁ ዝኽእሉ ምኽንያታትን ኩነታትን ብምዝርዛር ኣቐዲሙ ሕጊ ንተወዓዓልቲ ወገናት ኣፍሊጡ እዩ። ሕጊ ካብ ዘቐመጦም ምኽንያትን ኩነታትን ውዕሊ ስራሕ እንትቋረፅ ድማ ዘይሕጋዊ ውዕሊ ምቁራፅ ስለዝኸውን ኣፍልጦ ከም ዘይውሃቦን ናይ ባዕሉ ሕጋዊ ውፅኢት ዘለዎን እዩ ።

ይኹን ዳእምበር ብሕጋዊ መንገዲ ውዕሊ ስራሕ ዘቋርፁ ምኽንያታት ብሕጊ ምዝርዛርን ካብዞም ኣብ ሕጊ ዝተዘርዘሩ ምኽንያታት ወፃኢ ውዕሊ ስራሕ ምቁራፅ ዘይሕጋዊ እዩ ስለዝተብሃለ ጥራሕ እኹል ናይ ሕጊ ሓለዋ ኣሎ ንምባል ኣየኽእልን ። ስለዚ ድማ እቲ ብዘይሕጋዊ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፀ ሰብ ወይ ኣካል ዝቕፀዐሉን በቲ ዘይሕጋዊ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕ ዝተጎድአ ሰብ ወይ ኣካል ድማ ዝከሓሰሉ ስርዓት ዳይነታዊ ግልጋሎት ብሕጊ ምዝርጋሕ ኣገዳሲ እዩ ። ስለዝኾነ ድማ ውዕሊ ስራሕ ዝቋረፀሉ ምኽንያት ሙሉእ ንምሉእ ንሰናይ ድልየት መስራሓይን ሰራሕተኛን ጥራሕ ዝተገደፈ ዘይኮነስ፣ ሕጊ ጣልቃ ብምእታው ምዕሩይ ርክብ ስራሕ ክህሉ ዝፃወቶ ግደ ዝለዓለ እዩ ።

ሐዚ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ብዛዕባ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕ ብሕጋዊ መንገዲ ንክኸውን ዝተኸተሎ ቅዲ ኣወፃፅኣ ሕጊ ውዕሊ ስራሕ ዘቋርፁ ብቑዓት ዝበሃሉ ምኽንያታት ኣብ ሕጊ ፀንቂቑ ብምዝርዛር ኮይኑ፣ ኣብ ዝግበሩ ክትዓት ድማ እቶም ምኽንያታት ምፍፃሞምን ዘይምፍፃሞምን እምበር ውዕሊ ንምቁራፅ ብቑዓት ምኽንያታት ድዮም

Tigrai Region Supreme Court
President Office

ኣይኮነን? ዳይነት ክወሃበሉ ዝሓስብ ኣይኮነን ። ስለዚ ድማ ኣብ ሕጊ ካብ ዝተሓገጉ ምኽንያታትን ኣሰራርሓታትን ወፃኢ ውዕሊ ስራሕ እንተተቋሪፁ እቲ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕ ዘይሕጋዊ እዩ ተባሂሉ ውድቂ ዝግበር ምኳኑ እዩ ። በዚ መሰረት ሓደ መስርሓይ ውዕሊ ስራሕ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተቋርፅ ናይዚ ውፅኢቱ ብዘይሕጋዊ ውዕሊ ስራሕ ምቁራፅ እቲ ሰራሕተኛ ከከም ኩነታቱ ከቢድ ፀገም ዝፈጥር እንተዘይኮይኑ ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ ክምለስን ዘይተኸፈሎ ውዙፍ መሃያ ክኽፈሎን መሰል ከምዘለዎ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣብ ኣዋጅ 1156/2011 ኣብ ዓንቀፅ (43)(5) ሓጊጉ እዩ።

ብመንፅር እዚ ሕጊ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ እንትምርመር፦ ኣመልካቲ ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፅክዎ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኲናት እዩ ዝብል እዩ ዋና ክትዑ። ኣብዚ መካትዒ ነጥቢ እዚ ተፈፃምነት ዘለዎ ሕጊ ኣየናይ እዩ ? ዝብል ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ መዝገብ ተታሒዙ ዘሎ ዋኒን መስርሕን ሰራሕተኛን ኮይኑ፣ ኣብ ዋኒን መስርሕን ሰራሕተኛን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝብል ምኽንያት ውዕሊ ስራሕ እንትቋረፅ ናይዚ ምኽንያት እዚ ዘለዎ ሕጋውነትን ውፅኢቱን ንምድናይ ኣግባብነት ዘለዎ ሕጊ ስሩዕ ፍታብሄር ድዩ ወይስ ሕጊ መስርሒ ሰራሕተኛን እዩ? ዝብል እንትረአ ፦ብመሰረቱ ውዕሊ ስራሕ መስርሕን ሰራሕተኛን መሰረቱ ውዕሊ ምኳኑ ዘየካትዕ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስሩዓት ሕጋጋታት ውዕሊ ፍታብሄር ተፈፃሚ ዝግበርሉ ኩነታት ብብርኪ መትከል የለን ዝበሃል ኣይኮነን። ይኹን ዳእምበር ቕድሚ ስሩዕ ሕጋገታት ሕጊ ውዕሊ ፍታብሄር ተፈፃሚ ምግባርና መስርሕን ሰራሕተኛን ፍሉይ ውዕሊ ስለዝኾነ፣ ኣብዚ ፍሉይ ውዕሊ ኣብ ዘይተሸፈኑ ዛዕባታት ከም መመላእታ ዝውሰድ እምበር ምስ ሕጋገታት መስርሕን ሰራሕተኛን ብማዕረ ተፈፃምነት ዘለዎ ወይ ድማ ብቐዳምነት ተፈፃምነት ዘለዎ ከምዘይኮነ ኣብ ሕጊ ፍታብሄር ኣብ ዓንቀፅ 1676 ካብ ዝተሓገገ ምርዳእ ዝከኣል እዩ። ብምኳኑ ድማ ኣመልካቲ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ብናይ ትግራይ ኲናት ምኽንያት እየ ውዕሊ ስራሕ ኣቋሪፀ ኢሉ ምስ ዝካተዖ ክትዕ ንመቋረፂ ውዕሊ ስራሕ ከም ምኽንያት ካብ ዝተዘርዘሩ ምኽንያታት ተዛማድነት ዘለዎም ሕጋገታት ጥራሕ እንትረአ ፦ ኣብ ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/2011 ኣብ ዓንቀፅ 24(4) ብሕጊ ናይ ስራሕ ውዕሊ ዝቋረፀሉ ምኽንያት ሓደ ብምኽሳር ወይ ብኻልእ ምኽንያት እቲ ትካል ንሓዋሩ እንትዕፆ ከም ዝኾነ ሓጊጉ እዩ ። ኣብ ተመሳሳሊ ሕጊ ካብ ዓንቀፅ 17 ክሳብ 22 ብዝተቐመጡ ኣገባባት እውን ዓንቀፅ 18(5 )ካብ ዓሰርተ ተኸታተልቲ መዓልትታት ብዘይንእስ ነቲ ትካል ብኽፋል ይኹን ብምሉእ ጠጠው ከብል ዝኽእል ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት እንተጋጥም ብግዝያውነት ርክብ ውዕሊ ስራሕ ብምእጋድ ኣቢልካ ዝኽየድ ከይዲ ኣብ መወዳእታ እቲ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝተብሃለ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ክቋረፅ እንተዘይክኢሉ፣ንሰራሕተኛ ዝግብኦ ጥቕማ ጥቕሚ ከፊልካ ውዕሊ ርክብ ዘቋርፅ ምኳኑ ምርዳእ ይከኣል እዩ።

ብምኳኑ ኣመልካቲ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ከምዘቋረፀ ንዝካተዖ ዋኒን ኣብቲ ሕጊ ውዕሊ ስራሕ ዘቋርፁ ምኽንያታትን ኩነታትን ብብቑፅ ምኽንያት ተዘርዚሮም ስለ ዘለዉ፣ ኣብዚ ዋኒን ሙሉእ ሽፋን ስለ ዝሃበን ተፈፃምነት ዘለዎ ፍሉይ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን እዩ ። ይኹን ዳእምበር ኣብ ዓንቀፅ 24 (4 ) ውዕሊ ስራሕ

ትግራይ ቤት ፍርዲ ዝለዓለ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚደንት
Tigrai Region Supreme Court President Office

ብሕጊ ካብ ዝቋረፀሉ ምኽንያት ሓደ እቲ ስራሕ ብምኽሳር ወይ ብኻልእ ምኽንያት ንሓዋሩ እንትፅዖ ዝብል ኮይኑ፤ እቲ ብምኽሳር ምኽንያት ንሓዋሩ እንትፅዖ ዝብል ምኽንያት እኳ ግልፂ እንተኾነ እቲ ብኻልእ ምኽንያት ዝብል ካብ ምኽሳር ወፃኢ ዘሎ ንሓዋሩ ዘፅፀ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾኑ ምኽንያታት ክህልዉ ዝኽእሉ ምኽኖም ምግንዛብ ይክኣል እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዓንቀፅ 18(5) ካብ ዓሰርተ ተኸታተልቲ መዓልትታት ብዘይንእስ ግዜ ነቲ ትካል ብኸፋል ይኹን ብምሉእ ጠጠው ክብል ዝኽእል ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት እንተጋጥም ብግዝያውነት ርክብ ውዕሊ ስራሕ ምእጋድ ከም ዝክኣል ተሓጊጉ እዩ። ይኹን ደኣምበር ኣብ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ *(force majeure)* ዝብል እንታይ ማለት ምኳኑ ፍታሕ ቃል ኣይተውሃቦን ወይ እውን ዝርዝር ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝበሃሉ ኣይተቐመጡን። ስለዚ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ማለት እንታይ ማለት ምኳኑ ይኹን ዝርዝር ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝብሃሉ ፍረ-ነገራት ኣብ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ስለዘየለዉ፤ ብዛዕባ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝሕግጉ ዓናቕፅ ካብ ስሩዕ ውዕሊ ሕጊ ፍታብሄር ዓንቀፅ 1792ን 1793ን ብመመላእታ ምውሳድን ተፈፃሚ ምግባርን ይክኣል።

ካብዚ ወፃኢ ግን ኣብ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕን ዝቋረፀሉ ምኽንያትን ውፅኢቱን ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ባዕሉ ብቑዕን ተፈፃምነት ዘለዎን እዩ ብምባል ኣብ መደምደምታ ተበፂሑ ኣሎ።

ብምኳኑ ኣመልካቲ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፅኩ ብምኽንያት ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኵናት እዩ ብምባል ዝካታዕ እንትኸውን፤ ብመሰረት ፍ/ሕ/ቑ 1792ን 1793 (መ) ኵናት ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ *(force majeure)* ተባሂሉ ካብ ዝተቐመጡ ምኽንያታት ሓደ እዩ ። እዚ ምኽንያት እዚ ኣብቲ ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣብ ዓንቀፅ 24(4) ዝተሓገገ ብሕጊ ውዕሊ ስራሕ ዘቋርፅ ብምኽሳር ወይ ብኻልእ ምኽንያት እቲ ትካል ንሓዋሩ ስለዝተዓፀወ ድዩ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፆ ? ዝብል እንትርአ ኣመልካቲ ኣብ ሱር መልሱ ንገሊኦም ሰራሕተኛታ ብስምምዕነት፤ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ዘይተረኽቡ ድማ ምልክታ ብምልጣፍ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፀ ምኳኑ እዩ ዝካታዕ ። ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ብስምምዕነት ከም ዘቋረፀ ብመሰረት ዓንቀፅ 25 እቲ ኣዋጅ ዘቕረቦ መረዳእታ ስለዘየለ፤ ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ዝተቋረፀ ብዕለት 27/02/2013 ዓ.ም ብዝተለጠፈ ምልክታ ምኳኑ ምርዳእ ይክኣል እዩ። ትሕዝቶ እቲ ምልክታ እውን፦ ብዙሕ ሰብ ኣኪብካ ስራሕ ምክያድ ንሰራሕተኛታት ናብ ሓደጋ ስለዘጋልፅ ካብ ዕለት 27/02/2013 ዓ.ም ጀሚሩ ዘለና ርክብ ስራሕ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ከም ዝተቋረፀ ክንሕብር ንፎቱ ዝብል እዩ። እዚ ምኽንያት እዚ ግዝያዊ ፀገም እምበር ነቲ ትካል ንሓዋሩ ዝዓፅዎ ምኳኑ ዝገልፅ ምልክታ ብዘይምኳኑ በቲ ኣብ ዓንቀፅ 24(4) ብዝተሓገገ መሰረት ብሕጊ ስራሕ ንምቁራፅ ከም ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝውሰድ ምኽንያት ኣይኮነን ።

ካልኣይ እቲ ኣብ ምልክታ ዝተገለፀ ምኽንያት ውዕሊ ስራሕ ንምቁራፅ ግዝያዊ ፀገም ምኳኑ ዘገንዝብ ስለዝኾነ፤ብመሰረት ካብ ዓንቀፅ 17 ክሳብ 22 ብዘለዉ ሕጋገታት ሕጊ መስርሕን ሰራሕተኛን ኣገባብ ንዝምልከቶም መንግስታዊ ኣካል ብምፍላጥ ውዕሊ ስራሕ ብግዝያውነት ክእግድ ዝኽእልን ኣብ መወዳእታ ድማ ዝምልከቶ ኣካል እናረጋገፆ ምስ ከደ እቲ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ከቋርፅ እንተዘይክኢሉ ንተፀዋዕቲ ዝግብኦም ጥቅማ ጥቕሚ ከፊልካ ካብ ስራሕ ብምስንባት ውዕሊ ርክብ ብሕጋዊ መንገዲ ዘቋርፅ እምበር ኣመልካቲ ብቑጥታ ምስ

Tigrai Region Supreme Court
President Office

ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ከቋርፅ ዘኽእሎ ሰረት ሕጊ የብሉን። ኣመልካቲ እቲ ኩነታት ንዝምልከቶ ከየፍልጥ እውን ዝተረጋገፀ መንግስቲ ኣይነበረን፣ እዚ ተፈፃምነት ዘለዎ ኣብ ዝተረጋግፀ ግዘ እዩ ዝብል መካትዒ ነጥቢ እንትርኣ- ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኵናት ዝጀመረሉ ግዘ ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ኣብ ግምት ዘእትውኦ ኮይኑ፤ ዝተጀመረሉ ዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኮይኑ እቲ ውዕሊ ስራሕ ዝተቛረፀ ድማ ምልክታ ኣብ ዝወፀሉ ግዘ ብዕለት 27/02/2013 ዓ.ም እዩ። ብምኳኑ ድማ እቲ ውዕሊ ስራሕ ብምልክታ ዝቋረፅ ካብ ዝጅመር ኣብ ውሽጢ 4 መዓልቲ ምኳኑ ትሕቲ 10 መዓልቲ እቲ ሕጊ ዘቐመጦ ግዘ ብምኳኑ፣ መንግስቲ ትግራይ ክሳብ ሕዳር 19/2013 ዓ.ም ኣብ መቐለ ምንባሩ (ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ኣብ ግንዛበ ዘእትውዎ ብምኳኑ)፣ ኣብቲ ምልክታ ዝተለጠፈሉ ግዘ መንግስቲ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ብምኳኑ ንክልል ማሕበራዊ ጉዳይ ከፍልጥ ዝኽእለሉ ዕድል ዝነበረ እውን ብምኳኑ፣ባዕሉ ኣመልካቲ እውን እዚ ከይዲ እዚ ፈቓዳይ እምበር ኣገዳዳይ ኣይኮነን ብምባል ዘይተኸተሎን ብቐጥታ ናብ ውዕሊ ምቁራፅ ዝኸደ ምኳኑ ብምግንዛብ ብድማር ኣመልካቲ በዚ መዳይ ዘቐረቦ ክትዕ ተቐባልነት ዘለዎ ኣይኮነን ።

ኣብዚ ክርአ ዘለዎ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ ሪጋ ቑፅሪ ሓደ ንዝሓዞ ጭብጢ ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሳስን ዝነበረ ውዕሊ ስራሕ ተቋሪፁ ድዩ ኣይተቋረፀን? ዝብል መዝገብ መርሚሩ ካብ ዝሃቦ ትንተናን ዝወሰኖ ውሳነን ምርዳእ ዝክኣል ኣብ ሞንጎ ከሰስቲ ናይ (ሐዚ ተፀዋዕቲ)ን ተኸሳስን (ናይ ሐዚ ኣመልካቲ)ን ዝነበረ ውዕሊ ስራሕ ኣመልካቲ በቲ ሕጊ ኣገባብ ውዕሊ ስራሕ ስለዘየቋረፆ ውዕሊ ስራሕ ኣይተቋረፀን ቀፂሉ እዩ ዝብል መደምደምታ በፂሑ እዩ ።

ይኹን ደኣምበር ወረዳ ቤትፍርዲ ኣመልካቲ ምልክታ ለጢፉ ብዕለት 27/02/2013 ዓ.ም ውዕሉ ከም ዘቋረፀ ብፍረ-ነገር ደረጃ መረዳእታ ከምዘቐረበ ኣረጋጊፁ እናሃለወ፤ ውዕሊ ኣይተቋረፀን ዝበለሉ ምኽንያት ብመሰረት እቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12ን 13ን ግቡኣት መስርሓይን ሰራሕተኛን ተባሂሎም ዝተዘርዘሩ ከም ናይ መስራሓይ ስራሕ ናይ ምቕራብ ከምኡ እውን ናይ ሰራሕተኛ ስራሕ ምስራሕን ዝብሉ ርክባት ነይሮም እዮም ብምባል ዘይኮነስ፤ እቲ ምቁራፅ ውዕሊ በቲ ሕጊ ኣገባብ ስለዘይተፈፀመ ብዝብል እዩ ። ኣብዚ ክርአ ዘለዎ ዘይሕጋዊ ናይ ስራሕ ምቁራፅ ብውዕኢቱ ዋላኳ ሰራሕተኛ ስራሕ ኣይሰራሕ እቲ ውዕሊ ከም ዘይተቋረፀ ዝሕሰብ እንተኾነ፤ ውዕሊ ኣይተቋረፀን ቀፂሉ እዩ ዝበሃል ግን ብጭቡጥ መስርሓይን ሰራሕተኛን ኣብ ውዕሊ ስርሖም ዘሎ ግቡኦምን መሰሎምን እናተዋፀኡ እንትቕፅሉ እዩ ።

ኣብዚ ዝሓዝናዮ ዋኒን ግን ተፀዋዕቲ ንኣርባዕተ ዓመት ምሉእ ስራሕ ከም ዘይሰርሑ ዝኣመንሉን ዘየካትዕን እዩ ። ስለዚ ብተግባር ዝግለፅ ውዕሊ ርክብ ተቋሪፁ እዩ ። ኣመልካቲ እውን ምልክታ ለጢፉ ውዕሊ ስርሑ ከም ዘቋረፀ ብሱር ኣብያተ ፍርዲ ብብርኪ ፍረ-ነገር ተረጋጊፁ እዩ። ስለዚ እዚ ተግባር ኣመልካቲ በቲ ሕጊ ዝእዝዞ መስርሕን ምኽንያትን ንተፀዋዕቲ ካብ ስራሕ ዘይምስንባቱ ዘይሕጋዊ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕ ዘብሎ እምበር ውዕሊ ስራሕ ቀፂሉ እዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብፅሕ ስለዘይኮነ፤ ወረዳ ቤትፍርዲ ውዕሊ ኣይተቋረፀን ቐፂሉ እዩ ብምባል ዝበፀሖ መደምደምታ ደገፍ ሕጊ የብሉን ። ብድማር ኣመልካቲ ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ በቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ምኽንያት ብሕጊ ኣገባብ ዝተቋረፀ ስለዘይኮነ ፤ዘይሕጋዊ ምቁራፅ ውዕሊ እዩ ብምባል ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ካልእ ዘካትዕ ዋኒን ንዘይተሰርሐ ስራሕ ክፍሊት ክኽፈል ይግባእ ዶ ኣይግበኣን ? ዝብል እንትኾውን ብመሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ 1156/11 ዓንቀፅ 54(1) ብብርኺ መትከል ንዘይተሰርሐ ስራሕ መሃያ ከም ዘይኽፈል ዝተሓገገ ኮይኑ፤ተኻታዕቲ ወገናት እውን ይሰማመዑሉ እዮም። ይኹን ደኣምበር ኣብ ንኡስ ቑፅሪ 2 ናይዚ ዓንቀፅ እቲ ስራሕ ዘይተሰርሐ ብጉድለት ሰራሕተኛ ብዘይኮነ ምኽንያት እንተኮይኑ ሰራሕተኛ መሃያ ክኽፈሎ መሰል ከምዘለዎ ተሓጊጉ እዩ ። ሱር ኣብያተ ፍርዲ እውን እዚ መትከል እዚ ብምሓዝ ንኣመልካቲ ናይ 4 ዓመት ውዙፍ መሃያ ንተፀዋዕቲ ክኸፍል ዝወሰኑ ብሰንኪ ኵናት ውዕሊ ስራሕ ምቁራፁ ናይ ተኸሳሲ ፀገም እምበር ናይ ከሳሲቲ ፀገም ከምዘኾነ ኣየረድእን ብዝብል ምኽንያት እዩ ። ይኹን ደእምበር ብመሰረት ዓንቀፅ 54 (2) ንዘይተሰርሐ ስራሕ ክፍሊት መሃያ ዝኽፈልን ብዓንቀፅ 43(5) መሰረት ንዘይሕጋዊ ምቁራፅ ውዕሊ ዝኽፈል ውዙፍ መሃያን ዘሎ ብምኽንያት ኣየናይ ዓንቀፅ ኣብ ከመይ ኩነታት ተፈፃምነት ኣለዎም ዝብል ፈለማ ፈላሊኻ ምርኣይ የድሊ ።

ካብዚ ተበጊስና ኣፈላላዮም እንትንርኢ ፦ ኣብ ዓንቀፅ 54(2) እቲ ስራሕ ዘይተሰርሐ ብናይ ሰራሕተኛ ጉድለት እንተዘይኮይኑ መሃይኡ ይኽፈሎ ዝብል ተፈፃምነት ዘለዎ ውዕሊ ስራሕ ዘይተቋረፀ እናሃለወ ማለት እውን ኣብ ከይዲ እናሃለወ ኮይኑ፤ ነገር ግን ስራሕ ዘይተሰርሐሉ ግዘ እንትህሉ ሰራሕተኛ ስለዘይሰራሕኻ ኣይኽፈለካን ወይ ናይ ዘይሰራሕኻዮ ግዘ መሃያ ክንቖንስ ኢና ተባሂሉ ከይኽልከል ሓለዋ ንምግባር ዝተሓገገ እዩ ። ብመሰረት ዓንቀፅ 43(5) ዝኽፈል ውዙፍ መሃያ ድማ ውፅኢት ዘይሕጋዊ ምቁራፅ ውዕሊ ስራሕ እንትኾውን ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ ክምለስ እንትውሰን ውዙፍ መሃይኡ ተኸፊልዎ ናብ ስርሑ ክምለስ መከሓሓሲ ተባሂሉ ዝተሓገገ ምኽኒ ምርዳእ ይከኣል እዩ። ስለዚ ዓንቀፅ 54(2) ተፈፃምነት ዘለዎ ውዕሊ ስራሕ ዘይተቋረፀ እናሃለወ ንዘይተሰርሐ ስራሕ ዝኽፈለሉ ኩነት ዝሕግግ እንትኾውን ዓንቀፅ 43(5) ድማ ውዕሊ ስራሕ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ተቋሪፁ ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ ክምለስ ኣብ ዝተወሰነሉ ግዘ ዝኽፈል ውዙፍ መሃያ ዝምልከት ምኽኒ ይፈላለዩ እዮም ።

ብምኽኒ ድማ ውሳነ ሱር ኣብያተ ፍርዲ እንትርእ ብዛዕባ ናይ ዘይተሰርሐ መሃያ ኣከፋፍላ ዓንቀፅ 54(2) ተፈፃሚ ብምግባር ኣመልካቲ ንተፀዋዕቲ ናይ 4 ዓመት ውዙፍ መሃያ ክኽፈል ወሲኖም እዮም ። ይኹን ዳእምበር ኣመልካቲ ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ስለዝተቋረፀ ብዛዕባ ኣከፋፍላ ውዙፍ መሃያ ተፈፃምነት ዘለዎ ዓንቀፅ 54(2) ዘይኮነስ ዓንቀፅ 43(5) እናሃለወ ፤ኣብ ሓተታ ፍርዲ ዝጠቐሶም ውሳነ ፌደራል ሰበር ምስ እዚ ዋኒን ውሳነ ምስ እዚ ዋኒን ተፈፃምነት ዘይብሎም እናሃለዉ ተፈፃምነት ዘይብሉ ዓንቀፅን ውሳነ ሰበርን መሰረት ብምግባር ኣመልካቲ ናይ 4 ዓመት ውዙፍ መሃያ ንተፀዋዕቲ ክኽፈል ዝተወሰነ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ እዩ ብምባል ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

በዚ ዓንቀፅ 43(5) መሰረት ሓደ ሰራሕተኛ ብዘይሕጋዊ ውዕሊ ስርሑ ተቋሪፁ ነይሩ ናብ ስርሑ እንትምለስ ክኽፈሎ ዝግባእ ዉዙፍ መሃያ ኣብ ፈለማ ብርኪ ቤት ፍርዲ ናብ ስርሑ ክምለስ እንተተወሲኑ ካብ 6 ወርሒ ዘይበልፅ ውዙፍ መሃያ ክኽፈሎ ከምዝግባእ፤ እቲ ዋኒን ብይግበኣኒ ተራእዩ እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ ምምላስ ዝፀንዐ እንተኾይኑ ድማ ካብ ሓደ ዓመት ዘይበልፅ ውዙፍ መሃያ ክኽፈሎ ከም ዝግባእ ተሓጊጉ እዩ ። ክትዕ ኣመልካቲ ንተፀዋዕቲ ዋላ ሓንቲ ክፍሊት ኣይግበኦምን ተባሂሉ ይወሰነልና ዝብል ኣመልካቲ ካብ ሕጊ

ወፃኢ ውዕሊ ስራሕ ኣቋሪፁ እናሃለወ ናይ ተግባሩ ውፅኢት ብዓንቀፅ 43(5) መሰረት ውዙፍ መሃያ ክኽፍል ዝግብኦ ብምኳኑ ክትዑ ተቐባልነት የብሉን ።

ኣብዚ ክለዓል ዘለዎ ተፀዋዕቲ ናብ ስራሕ ቦታና ይመልሰና ብምባል ክሲ ኣይመስረቱን፤ ተፀዋዕቲ ኣብ ስራሕ ከም ዘለዉ ሓሲቦም እዮም ክሲ መስሪቶም። ይኹን ዳእምበር ዝተረጋገፀ ብፍረ-ነገር ኣመልካቲ ምስ ተፀዋዕቲ ዝነበሮ ውዕሊ ስራሕ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዘቋረፀ ምኳኑ እዩ ።

ዋላ እኳ ውዙፍ መሃያ ዝኽፈል እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ ይመለስ ተባሂሉ እንትውሰን እንተኾነ፤ ተፀዋዕቲ ብሱር ኣብያ ፍርዲ ዝተወሰነሎም ውዕሊ ርክብ ብሕጋዊ መንገዲ ክሳብ ዝቋረፅ መሃያ ናይ ምሕታት መሰሎም ዝተሓለወ ብምኳኑ፤ እዚ ውሳነ እዚ ምስ ናብ ስርሖም ይመለሱ ዝብል ውሳነ ዝመዓራረ ወይ እውን ብውፅኢቱ ተፀዋዕቲ ኣብ ስራሕ ቦታኦም ከም ዘለዉ ዘገንዝብ ስለዝኾነ፤ ኣብ ግምት ኣትዩ ተፀዋዕቲ ናብ ስራሕ ቦታና ይመልሰና ዝብል ክሲ ስለዘይሓተቱን ስለዘይተወሰነን ዘብል ኮይኑ ኣይተረኸበን። ስለዚ ድማ ተፀዋዕቲ ውዙፍ መሃያ ክኽፈሎም ኣግባብነት ዘለዎ እዩ ብምባል ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ከስስቲ መሃያ ክኽፈሎም ይግባእ እንተተባሂሉ ኸ ናይ ክንደይ ወርሒ መሃያ እዩ? ዝብል ኣብ ሱር ኣብያተ ፍርዲ ናይ 48 ኣዋርሕ መሃያኦም ተሰሊሑ ክኽፍሎም እዩ ተወሲኑ። ይኹን ደእምበር ተፀዋዕቲ ውዕሊ ስርሖም ብኣመልካቲ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ተቋሪፁ እዩ ነይሩ ስለዝተብሃለ ውፅኢቱ ድማ ብዓንቀፅ 43(5) ዝርአ እምበር ብዓንቀፅ 54(2) ስለዘይኮነ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ክውሰን ዝግበኦ ዝነበረ ካብ 6 ወርሒ ዘይበልፅ ዉዙፍ መሃያ እንትኸውን ሐዚ ግን ክሳብ ይግበኣኒ ዝበፅሐ ክትዕ ምኳኑ ኣብ ግምት ኣትዩ፤ በቲ ዓንቀፅ 43(5) መሰረት ክኽፈል ዝግባእ ውዙፍ መሃያ ካብ ሓደ ዓመት ክበልፅ ከምዘይብሉ ስለዝሕግግ ተፀዋዕቲ ክኽፈሎም ዝግባእ ውዙፍ መሃያ ናይ ሓደ ዓመት እዩ ብምባል ውሳነ ሱር ቤት ፍርዲ ብምምሕያሽ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ ።

ስለዚ ድማ ተፀዋዕቲ ናይ ሓደ ዓመት ውዙፍ መሃያ ክኽፈሎም ዝግበእ በቲ ሱር ቤትፍርዲ ዘረጋገፆ መጠን መሃያ ተፀዋዕቲ ብምሓዝ ተሰሊሑ ክኽፈሎም ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ብምጥቕላል ወረዳ ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ብዕለት 25/02/2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ 87/2016-748 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ብዕለት 11/03/ 2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ.31900 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ትእዛዝን ኣብ ፍርዲ ሓተታ ብዝተገለፀ ኣገባብ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ዝተፈፀሞም ስለዝኾኑ፤ ብመሰረት ሕጊ ፍ/ስ/ስ/ቑ 348(1) ክመሓየሹ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣብዚ ኣመልካቲ ኣትሒዝዎ ዝተብሃለ ንውዕሊ ስራሕ መቋረፂ ምኽንያት እንታይ እዩ? ዝብል 4ይ ጭብጢ ምስቲ ቀዳማይ ጭብጢ ኣብ መንጎ ከስስትን ተኸሳሲን ዝነበረ ናይ ስራሕ ውዕሊ ተቋሪፁ ድዩ ኣይተቋረፀን? ዝብል እንትምርመር እቲ መቋረፂ ምኽንያት ዝተመርመረ ብምኳኑ፣ ብተወሳኺ ጭብጥነት ምሓዙ እውን ኣገዳሲ ስለዘይነበረ፤ንኣወሃህባ ፍትሒ እውን

ኣብያተ ፍርዲ ዘለዉ ቤት ፍርዲ ... Tigrai Region Supreme Court President Office

ሰ.መ.ቁ 127450

መዝገብ ብነጥቢ ዘምልስ ኣገዳስነት ዘለዎ ኮይኑ ስለዘይተረኸበ፣ በዚ መነፅር ተራእዩ መዝገብ ጠቕሊሉ ኣብዚ መጋባእያ ዕልባት ክረክብ ተገይሩ ኣሎ።

ካብዚ ብምብጋስ ዝስዕብ ውሳነ ተዋሂቡ ኣሎ ።

## ው ሳ ነ

1. ወረዳ ቤትፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ብዕለት 25/02/2017 ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቁ 87/2016-748 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ብዕለት 11/03/ 2017ዓ.ም ኣብ ፋ.መ.ቑ. 31900 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ትእዛዝን ብመሰረት ሕጊ ፍ/ስ/ስ/ቑ 348(1) ተመሓይሾም ኣለዉ። ስለዚ ድማ ተፀዋዕቲ ክኸፈሎም ዝግባእ ናይ 4 ዓመት ውዙፍ መሃያ ዘይኮነስ ናይ ሓደ ዓመት እዩ ብምባል ተመሓይሹ ተወሲኑ ኣሎ።
2. ኣመልካቲ ናይ ሓደ ዓመት ውዙፍ መሃያ ንሕድሕድ ተፀዋዕቲ ክኸፍሎም ዝግባእ በቲ መሃያ ተፀዋዕቲ ሱር ቤት ፍርዲ ዘረጋገፆ ተታሓሒዙ ተሰሊሑ ዝመፀ መጠን ገንዘብ ፦
   2.1 ን1ይ ተፀዋዒ ብር 58,528.44 (ሓምሳን ሸሞንተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ዕስራን ሸሞንተን ምስ 44 ሳንቲም) ፣
   2.2 ን2ይ ተፀዋዒ ብር 87,460.80 (ሰማንያን ሸውዓተን ሽሕን ኣርባዕተንሚኢትን ስሳን ምስ
   80 ሳንቲም)፣
   2.3 ን3ይ ተፀዋዒ ብር 53,693.28 (ሓምሳን ሰለስተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን ተስዓን ሰለስተን ምስ 28 ሳንቲም) ፣
   2.4 ን4ይ ተፀዋዒ ብር 53,693.28 (ሓምሳን ሰለስተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን ተስዓን ሰለስተን ምስ 28 ሳንቲም)፣
   2.5 ን5ይ ተፀዋዒ ብር 55,030.08 (ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሰላሳን ምስ 0.08 ሳንቲም)፣
   2.6 ን6ይ ተፀዋዒ ብር 44,362.80 (ኣርባዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሰለስተ ሚኢትን ስሳን ክልተን ምስ 80 ሳንቲም)
   2.7 ን7ይ ተፀዋዒ ብር 44,706 (ኣርባዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሽዱሽተን) ኣመልካቲን ተፀዋዕቲ ይኸፈል ተሂሉ ተወሲኑ ኣሎ።
3. ስራሕ ርክብ ተፀዋዕቲ ብሕጋዊ መንገዲ ክሳብ ዝቋረፅ ዘሎ መሃያ ናይ ምሕታት መሰሎም ሕልው እዩ ዝብል ውሳነ ሱር ኣብያተ ፍርዲ ኣይተተንከፈን።
4. ወፃኢን ክሳራን ኣመልካቲ ሐዚ ናይ ዝተወሰነሎም ብር 397,474.68 (ሰለስተ ሚኢትን ተስዓን ሸውዓተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን ሰብዓን ኣርባዕተን ምስ 68 ሳንቲም) ካብዚ 10% ናይ ጠበቓ ኣበል ተሰliሑ ዝመፀ ብር 39, 747.46 (ሰላሳን ትሽዓተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ኣርባዓን ሸውዓተን ምስ 46 ሳንቲም) ኣመልካቲ ንተፀዋዕቲ ክኸፍል ተመሓይሹ ተወሲኑ ኣሎ። ካብዚ ወፃኢ ዘሎ ውሳነ ሱር ኣብያ ፍርዲ ኣይተተንከፈን።
5. ኣብዚ መጋባእያ ዋኒን ሰበር እንትካታዕ የማን ፀጋም ዘውፅእዎ ወፃእን ክሳራን ንናይ ባዕሎም ይኸኣሉ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ቤት ፅሕፈት ፕሬዝደንት Tigrai Region Supreme Court President Office

ሰ.መ.ቁ 127450

# ት እ ዛ ዝ

1. ኣብዚ መዝገብ ተኣዚዙ ዝነበረ እግድ ተላዒሉ ኣሎ:: ትእዛዝ ይፀሓፍ::
2. እዚ ብ7 ዳያኑ ዝተውሃበ ፍርድን ውሳነን ብመሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20(1)2ን) ንኻልኦት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ እውን መገደዳይ ትርጉም ስለዝኾነ ቅዳሕ ናይዚ ፍርዲን ውሳነን ንኹሎም ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይን መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይን ክፈልጥዎ ይገበር::
3. ውሳነ ቕዳሕ ናይዚ መዝገብ ንወረዳ ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲሓቅን ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለን ክፈልጥዎ ይለኣኽሎም ::
4. መዝገብ ብውሳነ ዕልባት ስለዝረኸበ ናብ ቤተ መዛግብቲ ይመለስ::

ዘይንበብ ፊርማ 7 ዳያኑ ኣለው::